# ተኻራያይ ብምኳን ዘለኻ መሰላትን ሓላፍነታትን

Qstars
QLD Statewide Tenant Advice and Referral Service

Tigrinya

## ናትካ ተኻራያይን ዘኻርይ ምጅማር

ኣብ ሓደ ቦታ ክትነብር ክትኸረይ እንከሎ መሰልን ሃላፍነት ኣለኻ ከምኡ'ውን ዘኻረየኻ ሰብ ከማኻ ኣለዎ። ኣብ ኲውንስላንድ ውሽጢ ደንቢታት ገዛ ምክራይ ኣብ ነበርቲ ተኻራያይን ዘኻርይን ከምኡ'ውን ኣብ ክፍሊ መጽለሊ ቦታ ኣንቐጽ ሕጊ/Rooming Accommodation Act (Qld) 2008 ውሽጢ እቲ ደንቢታት ተቐሚጡ ኣሎ።

ንስኻ ካብ ግሊ ኣካራዩ፣ ካብ ንብረት ዘካርይ ድርጅት፣ ካብ ማሕበረሰብ መንበሪ ገዛ ውሃቢ፣ ወይኻዓ ካብ መንግሥቲ መንበሪ ገዛ መምርሒ እንተተኻሪኻ ብዘየግድስ ናይ ገዛ ምክራይ ደንቢታት ተግባራዊ ይኸውን እዩ። እቲ ዘካረየኻ ድርጅት ወይኻዓ ውልቀሰብ ንናትኻ ኣካራዩ ይብሃል።

ብናትኻ ነበርቲ ተኻራያይን ዘካርይ ስምምዕነት ብክልቲኡ ማለት ንስኻ ተኻራያይ ከምኡ'ውን ኣካራይ ዝተስማማእኹሞ ይግለጽ እዩ። ብደንቢታት ምክራይ ውሽጢ እንታይ ከምዘሎ በዚ ስምምዕነት ኣቢሉ ክንጸባረቕ ኣለዎ። ናትኻ ተኻራያይን ዘካርይ ስምምዕነት ብዙሕግዘ ከምዝብሎ ናይ ገዛ እንስሳት ከም ከልቢን ድሙን ከምዝፍቐድ ወይኻዓ ከምዘይፍቐድ ከምኡ'ውን ክንደይ ሰባት በቲ ንብረት ውሽጢ ክነብሩ ከምዝኽእሉ እዩ። ዋላ እኳዕ ንስኻ ወይኻዓ ናትኻ ኣካራዩ ጽሑፋዊ ናይ ተኻራይን ዘካርይ ውዕል ስምምዕነት እንተዘይሃልይዎ የግዳስ እቲ ደንቢታት ምክራይ ተግባራዊ ይኸውን።

በቲ ዝተካረኻሉ ንብረት ክትኣትው እንከሎ ናትካ ኣካራዩ ወይኻዓ ተወካሊ ስሑፋዊ ዝኾነ ናይ ነበርቲ ተኻራያይን ዘካርይ ው ል ስምምዕነት (ቅጥዒ 18A) ክህቡኻ ኣለዎም። ናትኻ ተኻራያይን ዘካርይ ውዕል ንዝተወሰነ ግዘ እሞ ናይ መወዳእታ ዕለት ዘለዎ ክኸውን ይኽእል፣ ወይኻዓ በብግዚኡ ዝርኣይ ናይ ተኻራያይን ዘካርይ ውዕል እዚ'ውን ናይ መወዳእታ ዕለት ዘይብሉ ክኸውን ይኽእል። በጥረ ገንዘብ ገዛ ክራይ እንተኸፊልካ እቲ ኣካራዩ ደረሰኝ ክህበካ ኣለዎ ወይኻዓ ንዝኸፈልካዮ ገዛ ክራይ ክፍሊት መዝጊብካ ክተቐምጦ ይግባእ። ናትኻ ስምምዕነት ውዕል ኣብዝጀመረሉ መዓልቲ እቲ ኣካራዩ ናይ መእተዊ ኩነታ መግለጺ ሪፖርቲ (ቅጥዒ 1A) ክዳልው ከምዘለዎ እዚ'ውን ክትኣትው እንከሎ እቲ ቦታ እንታይ ከምዝመስል ዝገልጽ እዩ። ናትካ ስምምዕነት ውዕል ኣብ ዝጅምረሉ ብሰለስተ መዓልታት ውሽጢ ነቲ ቅጥዒ ነቲ ኣካራዩ ክትምልስ ይግባእ። ነቲ ቅጥዒ ቅድሚ ምምላስኻ እንታይ ከምዝብል ብጥንቃቐ ምፍታሽ፣ ምግምጋም ወይኻዓ ዝውሰኽ ነገራት እንተሃልይዎ ወሲኻ ነቲ ቅዳሕ ምሃዝ።

ንናትኻ ገዛ ክራይ መተሓጃ ገንዘብ ንምኽልካል እዚ ጠቓሚ ዝኾነ ስጉምቲ ይኸውን። ናይ ነበርቲ ተኻራያይን ዘካርይ ሥልጣን ናይ ገዛ ክራይ መረዳእታ መውሃቢ ንእሽቶ መጽሓፍ እቲ ኣካራዩ ክህበካ ኣለዎ። ቕድሚ ናብቲ ገዛ ምእታውካ ናይቲ ቦታ ጽሬት ዘለዎን ዚስማማዕ ንምኳኑ እቲ ኣካራዩ ከረጋግጽ ኣለዎ።

ናይ ገዛ ክራይ መተሓጃ ገንዘብ ትኸፍል እንተኾይንካ እቲ ኣካራዩ ወይኻዓ ተወካሊ ደረሰኝ ክህበካ ኣለዎ። ዝለኣለ ናይ መተሓጃ ገንዘብ መጠን ዘኽፍልዎ ንናይ 4 ሰሙናት ገዛ ክራይ መዓሮ ይኸውን (የግዳስ ናይቲ ገዛ ክራይ ብሰሙን ካብ $700 ዶላር ንላዕሊ እንተኾይኑ ንመተሓጃ ገንዘብ ላዕላዋይ መጠን ዝብሃል የለን)። እቲ ኣካራዩ ንናይ መተሓጃ ገንዘብ መእተዊ (ቅጥዒ 2) ክልቴኹም ዝፈረምኩሉ ክኣትው ኣለዎ። እቲ ኣካራዩ ወይኻዓ ተወካሊ ንናትካ መትሓጃ ገንዘብ ናብ ነበርቲ ተኻረያይን ዘካርይ ሰበ-ሥልጣን (RTA) ንምልኣኽ ናይ 10 መዓልቲታት ይደሊ።

ቕድሚ እቲ ናይ ተኻራያይን ዘካርይ ስምምዕነት ውዕል ምፍራምካ መጀመርታ ነቲ ገዛ ክትርእዮ ከምዘለካ ምርግጋፅ። ድሕሪ ነቲ ተኻራያይን ዘካርይ ስምምዕነት ውዕል ምፍራምካ ቅዳሕ ወረቀቲ ሪኮርዲ ንክኸውን ምቕማጥ። ናይ ተኻራያይን ዘካርይ ስምምዕነት ሕጋዊ ዝኾነ ኮንትራት እዩ። ነቲ ተኻራያይን ዘካርይ ስምምዕነት ውዕል እንተፍሪስካዮ ሓላፍነት ክትወስድ ትኽእል። ንናይ ገዛ ክራይ ወይኻዓ መተሓጃ ገንዘብ ክትኸፍል እንከሎ ደረሰኝ ምሕታትካ ምርግጋጽ። ናብቲ ገዛ ክት ኣትው እንከሎ ኩነታ ገዛ ከመይ ከምዝመስል ዘርእይ ፎቶታት ወሲድኻ ምቕማጥ።

## QSTARS ንመን ክሕግዝ ይኽእል

- ነበርቲ ተኻረይቲ፣ ብሓባር ተዳቢሎም ነበርቲ፣ ኣብ ጫፍን ንቕድሚት ተከራይቲ ንዝኾኑ

## QSTARS ብኸመይ ክሕግዝ ይኽእል

- ብዛዕባ ገዛ ክራይ ምኽሪ ምሃብ
- ምስ ናትካ ኣካራዩ፣ ተወካሊ ወይኻዓ ዝውሃበ ብዛዕባ ተኻራያይን ዘካርይ ውዕል ክትዕ እንተሃልዩካ ምኽሪ።
- ናይ ግሊ ገዛ (ካብ ተወካሊ ወይኻዓ ግላዊ ኣካራዩ)፣ ናይ ማሕበራዊ መንበሪ ገዛ (ኣብ መንግሥቲ ወይኻዓ ማሕበረሰብ መንበሪ ገዛ) ወይኻዓ ኣብ ካራቫን ፓርኪ ወይ ኣብ ቦርዲን መንበሪ ገዛ እንተተካሪኻ ምኽሪ ምሃብ ይኸውን።

Tenants Queensland Inc

ናይ QSTARS ፕሮግራም ዝመሓዳደር ብናይ ተኻረይቲ ኲውንስላ ንድን ከምኡ'ውን ምስ ኣብ ሙሉእ ኲውንስላንድ ዘለዉ ድርጂታት ተሓባቢሩ ብሓባር ከምዝዳልዉ እዩ።



QSTARS
Funded by
Queensland Government

# ተኻራያይ ብምኧኗን ዘለኻ መሰላትን ሓላፍነታት

## ብናትኻ ተካራይን ዘካርይ ውዕል ብዘሎ ግዘ

ሓደ ቦታ ክትካረይ እንከሎ ናትኻ ኣካራዩ ነቲ ቦታ ሓልየት ምኽንኻን ክገብር ኣለዎ፤ ስለዙይ ንምንባር ንኣኻ ይሰማማዕ፤ ነቲ ቦታን ነገራት ማለት ጽቡቕ ምትእርራይ ዘካተተ፤ ነቲ ምሕዳስ ክግበረልካ እንተሃቲትካ ግዘ ክወስድ ከምዘይብሉ እዩ። ናትኻ ኣካራይ ንናይ ሓለዋ ጥዕና ወይኻዓ ድሕንነት ዘሎ ሕጊታት ክኽተል ከምዘለዎ፤ እቲ መቆለፊን ናይቲ ቦታ ደሕንነት ዘለዎ ምኧኑ ምርግጋጽ፤ ናብቲ ቦታ ክኣትዉ እንተደሊዮም ብጽሑፍ ጌሮም መተሓሳሰቢ ክህቡካ ይግባእ። በቲ ንብረት ድምጺ ኣልቦ ጸጥ ዝበለን ዘሕጉስ ከባቢ ንክኸውን ናትካ ኣካራዩ ግቡእ ስጉምቲ ክወሰድ ኣለዎ፤ ከምኡ'ውን ብናትካ ሰላማዊን ብዝሰማማዕ ኮነታ ወይኻዓ ብሕታዊ ኮነታ ነቲ ቦታ ንምጥቃም ናትኻ ኣካራዩ ወይኻዓ ተወካሊ ኣምንጎ ጣልቓ ክኣተዉ የብሉን።

ነቲ ቦታ ክትከራይ እንከሎ ክትገብር ዘለኻ:

- ነቲ ቦታ ሓልየት ምግባርን ብጽሬት ምሃዝ
- ዝዕረይ ዘድሊ እንተኾይኑ ነቲ ኣካራዩ ወይኻዓ ተወካሊ ክፈልጥ ምግባር
- በቲ ቦታ ጉድ ዓት ዘይምብጻሕ ወይኻዓ ዝኾነ ሰብ ጉድዓት ክገብር ዘይምግባይ
- ንናትኻ ጐረባብቲ ዝርብሽ ወይኻዓ መሕረቚ ዝኸውን ነገራት ዘይምግባር
- ንዘይሕጋዊነት ዝኾነ ጉዳይ ነቲ ቦታ ዘይምጥቃም
- ብዛዕባ እቲ ቦታ ዝኾነ ነገር ክትልውጥ እንተደሊኻ ካብናትኻ ኣካራዩ ጽሑፋዊ ፍቓድ ምርካብ
- ከምቲ ውዕል ስምምዕነት መሰረት ነቲ ገዛ ክራይ ብእዋኑ ምኽፋል።

## ናትኻ ተኻራያይን ዘካርይ ውዕል ስለምውዳእ

ንናትኻ ተኻራያይን ዘካርይ ስምምዕነት ውዕል ንክውዳእ ንስኻ ወይኻዓ ኣካራዩ ብጹሑፍ ጌሩ እቲ ውዕል ከምዝውዳእ መተሓሳሰቢ ምሃብ ወይኻዓ ካብ ኩውንስላንድ ሲቪል መምሕድዳር ፍሉይ ቤት ፍርዲ እቲ ስምምዕነት ከምዝውዳእ ትእዛዝ ምርካብ እዩ።

ክትለቕቕ ከምዝደሌኻ ዚገልጽ (ቅጥዒ 13) ጌርካ ሕጋዊ ብዝኾነ 'ብዘይ ቅድመ ኮነታ' ወይኻዓ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዘ ወይኻዓ ዝኾነ ግዘ ብስምምዕነት ዘሎ ዕለት ምውዳእ ናይ ክልተ ሰሙታት መተሓሳሰቢ ክትህብ ኣለካ። ቅድሚ ዝተወሰነ ዕለት ነቲ ዘለካ ተኻራያይን ዘካርይ ውዕል ጠጠው እንተጌርካዮ ምናልባሽ ናትካ ኣካራዩ ቅድም ኢልካ ነቲ ስምምዕነት ስለዘፍረስካ ካባካ ናይ ገንዘብ ካሕሳ ይደሊ ይኸውን።

ናትካ ኣካራዩ ሕጋዊ ብዝኾነ 'ብዘይ ቅድመ ኮነታ' ወይኻዓ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዘ ወይኻዓ ዝኾነ ግዘ ብስምምዕነት ዘሎ ዕለት ንምውዳእ ናይ ክልተ ኣዋርሒ መልቀቒ መተሓሳሰቢ ክህብ ኣለዎ።

ከምኡ'ውን እቲ ውዕል ብክልቴኹም ስምምዕነት ምውዳእ ከምዝኻኣል፤ እዚ'ውን ኩሎም ማለት ነቲ ነበርቲ ተኻራያይን ዘካርይ ስምምዕነት ንምውዳእ ዝግበር ጽሑፋዊ መግለጺ ኩሎም ናይ ኣካራዩ ወይኻዓ ተወካሊ ዘኻተተ ይፍርሙሉ። እዚ ብሓባር ጠጠው ንምግባር ስምምዕነት ይብሃል።

ካብቲ ገዛ ክትወጽእ እንከሎ ኩሉ ኣቕሑትካ ካብቲ ቦታ ክተግልሶ ኣለካ። ነቲ ቦታ ክትኣትው እንከሎ ብዝነበሮ ጽሬት ደረጃ ጌርካ ምኻድ ኣለካ፤ ይኹን እምበር ንናይ ማዓልታዊ ኽንኽን ወይኻዓ ክትጥቀመሉ እንከሎ ብምእራግ ንዝወጽእ ወጪ ናትኻ ሓላፍነት ኣይኮነን። ነቲ ቦታ ብጽሬት ከምዝገደፍካዮ ዘርኢይ ማስረጃ ምርካብ የድልየካ እዩ። ቅድሚ ካብቲ ገዛ ምልቓቕኻ ንናይ መውጽኢ ኮነታ መግለጺ ሪፖርቲ (ቅጥዒ 14A) ምምላእ እዚውን እቲ ቦታ እንታይ ከምዝመስል ንምንጋር ፎቶታት ምውሳድን ቅድሚ ነቲ ሪፖርቲ ንኣካራዩ ወይኻዓ ተወካሊ ምሃብካ ቅዳሕ ሪፖርቲ ንባዕልኻ ኣቕምጥ። ካብ ገዛ ክትወጽእ እንከሎ መፍቱሓት ኩሎም ንኣካራዩ ወይኻዓ ተወካሊ ምምላስ።

ድሕሪ ካብቲ ገዛ ምውጻእ ነቲ መተሓጃ ገንዘብ ንክትረኽብ ንናይ ገዛ ክራይ መትሓጃ መምለሲ (ቅጥዒ 4) ክትመልእ ከምዘለካን ናብ RTA ክትልእኾ ይግባእ። ክትለቅቕ እንከሎ እቲ ቦታ ብርስሓት እንተገዲፍካዮ፤ ንዘይተከፍለ ገዛ ክራይ፤ ንዝተበላሸወ ቦታ፤ ወይኻዓ ነቲ ስምምዕነት ምፍራስ እቲ ኣካራዩ ካብቲ ዘለኻ መተሓጃ ገንዘብ ክሓትት ይኽእል። ኣምንጎ ንስኻን ኣካራዩን በዞም ሕቶታት ስምምዕነት እንተዘይሃልዩ መፍትሒ ንምርካብ ናይ RTA ብዘይክፍሊት ብናጻ ናይ ክትዕ ኣሰራርሓ ክይዲ ከምዘሎ እዩ። ካብቲ ገዛ ክትወጽእ እንከሎ ንሓዱሽ መራኸቢ ዝርዝር ኣድራሻኻ ናይ RTA ንክፈልጥ ምግባር። ኣምንጎ ናትኻን ኣካራዩ ዘሎ ወረቐት ኩሉ ቅዳሕ ምቕማጥ።

ምስ ገዛ ምክራይ ጸገማት ምኽሪ ወይኻዓ ሓገዝ እንተደሊኻ ንተካረይቲ ኩውንስላንድ/Tenants Queensland ብዘይክፍሊት ብናጻ ንናይ QSTARS ምኽሪ መውሃቢ ኣገልግሎት ብስልኪ

**1300 744 263 ምድዋል**

ወይኻዓ በዚ ዌብሳይቲ ኣቲኻ

**www.qstars.org.au ምጉብናይ ትኽእል**

እዚ'ውን ንተኻራያይን ዘካርይ መረዳእታ ይኸውን።

እንተደሊኻ ኣስተርጓማይ ክነዳልዉ ንኽእል። ወይኻዓ, ኣስተርጓማይን ተርጉም ኣገልግሎት/TIS ብስልኪ

**131 450** ምድዋል ትኽእል።

ን QSTARS.ንክተዘራርብ ክሕግዙኻ ይኽእሉ።

QSTARS ዝርከበሉ ግዘ

**ሰዓት 9am–5pm ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ**

ከምኡ'ውን ብምሸት ምኽሪ ውሕብቶ ክፍቲ ዝኾነሉ፤

**ሰዓት 5pm–7pm ሰሉስን ረቡዕን ይኸውን።**

ካብ ኩውንስላንድ ወጻእ ኾይንካ ትድውል እንተኾይኑ ወይኻዓ ብቁፅሪ 1300 ምድዋል ዘይኻኣል እንተኾይኑ፤ ብናይ ከባቢ ብሪስባን ናይ QSTARS ቁፅሪ ምድዋል ይኻኣል።

**(07) 3832 9403**

ኣብ ሞባይል ኾይንካ ትድውል እንተኾይኑ እቲ ክፍሊት ሃደ ጉዳይ ስለዝኾነ እቲ ምኽሪ ውሃቢ ሰራሕተኛ መሊሱ ክድውለልካ ምሕታት።

በዚ ህያብ ዝተዳለወ መረዳእታ ንናይ ሕጋዊ ዝኾነ ምኽሪ ንምሃብ ተባሂሉ ኣይኮነን።

©Tenants Queensland    TQ June 2018 - QSTARS translated flyer